
# ጋዜጠኛን ስነ ጥበበኛን ተስፋይ ገብረሚካኤል
# ከም ዉዕለቱ ዘካሪ ኣልቦ ኲይኑ ዘሎ ታሪኸኛ ሰብ'ዩ።



ኣብ ታሪኽ ሙዚቃ፥ኣብ ታሪኽ ስነ ጽሑፍን ጋዜጠኝነትን ምሉእ መጽናዕትን ምርምርን ስለ ዘይተገብረ ብዙሕ ጊዜ እቶም ዕድል ዝገብሩን ዘካሪ ዝረኸቡን እናሻዕ ክዝከሩ ይኹን ስሞም ክለዓል ምርኣይን ምስማዕን ልሙድ ካብ ዝኸውን ጊዜ ኣይቀለሎን ክበሃል ይከኣል'ዩ።

ሓደ ካብዞም ብዓቕሞም ዘይሕለል ስርሓውቲ ዝሰርሑ ግን ድማ ዘካሪ ዘይብሎም ድማ ጋዜጠኛ ተስፋይ ገብረሚካኤል ዩ።

ጋዜጠኝ ተስፋይ ገብረሚካኤል መን'ዩ፧ እንታይ ኣበርኺቶ'ዩ ገይሩ፧ ንምንታይ ከምቲ ዝድለይ ዘካሪ ዘይረኸበ፧ ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት ምልዓል ግቡእ ይመስል።

መልሱ ድማ ከከም ኣረኣእያናን ብዘለና ሓበሬታን ዝምርኰስ ምኳኑ ኣይካትዕን'ዩ እብል።

እሞ ደኣ ብዛዕባ ጋዜጠኛ ተስፋይ ገብረሚካኤል ኣብ ቀረባ ጊዜ ወዱ ዝጸሓፎ ሓጺር ዝክረ-ጽሑፍ ከብለኩም እፈቱ።

"ብምኽንያት መዓልቲ ኣቦታት፡ ንወላዲየይ ዝፈትዎ ተስፋይ ገብረሚካኤል (ጆርናሊስታ) ዝናፍቆን ዘይጸገብኩሉ፣ኣብ ጊዜ ንእስነቱ ኣብ መበል 37 ዕድሚኡ ብሞት ዝተፈለየኒ ገዲም ጋዜጠኛ፣ ደራሲ፣ሙዚቀኛ፣ተዋሳኣይን፣ መስራቲ ማሕበር ተዋስኦ ደቀባት ኤርትራውያን ማ.ተ.ደ.ኤ. ተባዕን ከም'ኡ ስፖርታዊ ሓቅኛን ሃገራዊን ዝነበረ ወላዲ እዩ ነይሩ።

በዚ ሎሚ መዓልቲ መዓልቲ ኣቦታት ኣብ'ቲ ናይ ዕረፍቲ ቦታኻ ብፍቅሪ ይዝክረካ ኣሎኹ ጎይታ ኣብ ገነቱ የስፍርካ።" ወዱ ኤልያስ ተስፋይ ብዕለት 20 ሰነ 2023 ዓ/ም/ፈ፥ካብ ስዑዲ ዓረብ፥ኣብ ገጻት ማሕበራዊ መራኸቦኡ ዝጸሓፎ'ዩ።

እስከ ወዱ ካብ ዝጸሓፎ ንብጭልፋ መታን ክርእዮ፡እተን ኣብ 1940ታትን ኣብ ዝ1960ታትን ታተ ኢለ ዝጀመራ ግን ድማ ታሪኽ ሰሪሐን ዝሕለፋ ጉጅለታት ሙዚቃ ክንተናኽፈን ክንቕስብ ኢና።

ከም ዝፍለጥ ኣብ ምምስራት፣ጉጅለ ማሕበር ትያትር ኣስመራ (ማ.ት.ኣ.) ፈለማ ከም ሓሳብ ዘንቀሉ ሰባት ድምጻዉያን ተወልደ ረዳን ትካቦ ወልደማርያምን እዮም።

ቅድሚ ማ.ት.ኣ. ግን ማሕበር ተዋሳኦ ደቀባት (ማ.ተ.ደ.) ትበሃል ኣብ 12 ሕዳር 1947 ዝተመስረተት ጉጅለ ተዋስኦ ከም ዝነበረት ዝፍለጥ'ዩ።

ካብ ኣባላታ ድማ፡

1.ዮሴፍ ዮሃንስ
2.ገብረእዝጋብሄር ተካ
3.ካሕሳይ ኣየለ
4.በላይ ለገሰ
5.ትኩእ ፍስሃጽዮን
6.ዑስማን ኣሕመድ መሓመድ
7.ዮሃንስ ግደ
8. *ተስፋይ* *ገብረሚካኤል*
9.ኣለማየሁ ካሕሳይ
10.ኣረፋይነ ወልደገብሪኤል
11.ኣካል ገብረጻድቕ
12.ጸጋይ በርሀ
13. እስጢፋኖስ ጸጋይ
14.ኣስፋው ፋሲል
15.በርሀ ትኳቦ
16.ሃብተማርያም ገብረእዝጋብሄር
17.ዓሊ ሰይድ ባና
18.ገብረመስቀል ወልደማርያም
19.ባህታ ተስፋጋብር

ስም ጋዜጠኛ ተስፋይ ተገሊጹ ኣሎ።

ነቲ ኣብ ቀዳም 3 ሕዳር 1956 ዝተኻየደ ቀዳማይ ዉድድር ደርፊ ሃገር
1.ተወልደ ረዳ ብደርፊ " *ዘይፍጸም* *ፍቕሪ* "
2.መምህር ለምለም ገብረዝጋብሄር ብደርፊ " *የፍቕረካ* *እየ* "

3.ትኳቦ ወልደማርያም ብደርፊ " *እቲ* *ናይ* *ዉሽጢ* *ልበይ* " ዝብላ ደርፍታት ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ኰይኖም ተዓወቱ።ሽልማት ድማ ንቀዳማይ 80 ቕርሺ፣ንመበል ካልኣይ ዝወጸት 60 ቕርሺ፡ንመበል ሳልሳይ ዝወጸ ድማ 40 ቕርሺ ከም ዝተሸለሙ ሰነዳትን ህያው ምስክራትን ዝሃብዎ ሓበሬታ የረድእ'ዩ።

ኣብ 30 ነሓሰ 1958 ድማ ካልኣይ ዉድድር ደርፊ ሃገር ተሰላሲሉ ድማ

1.ኣምለሰት ኣባይ ብደርፊ " *ዘይኽወል* *ምስጢር* "
2.ተወልደ ረዳ ብደርፊ " *ምስ* *ዘፍቕራ* *ተራኺበ* "

3.ሶፍያ መንግስቱ ብደርፊ " *ዘይምሕር* *ምኸሓ* " ዝብላ ክኹና ከሎዋ ድማ እቲ ሽልማት ድማ ነቲ ኣብ ቀዳማይ ውድድር ደርፊ ሃገር ዝረኸብዎ ንነፍሲ ወከፎም 5 ቕርሺ ብላዕሊ ዝወሰኸ ምንባሩ ታሪኽ ይሕብረና'ዩ።

ገለ ገለ ሰባት ነቲ ዝተኻየደ ዉድድር ደርፊ ሃገር ግደን ንሪሙ ዝረማረምን ጋዜጠኛ ተሰፋይ ገብረሚካኤል ዘበጋገሶ ምኳኑ ይጠቕሱ እዮም።

ኣብነት፡መምህር ተወልደ ረዳ፣መምህር ገብረዝጋብሄር፣መምህር ለምለም፣ግራዝማች ጸጋይ ሓጎስ፣ሹምባሽ ተሰፋይ ሰብሓትን ወዘተን ምስክርነቶም ሂቦሙሉ እዮም።

ማ.ም.ሃ.ል፡ተኩነት ኣብ 1957 ኣብ መድረኽ ተቀላቒለት።
57 ዝኮኑ ኣባላት ከኣ ኣቑፋ (ጠሚራ) ነበረት።

ካብ'ዚኦም ድማ
1.ተኸስተ ጉይቶኦም (ትሪሎ) ሰውእ
2.ሃብተ ደሞዝ (ትንሹ)
3.መም ኣሰረሰ ተሰማ
4.ኣረጋሽ ሰሎሞን
5.ግርማይ ሰሎሞን
6.ሮማን ገብረህይወት
7.ሶፍያ ዓሊ
8.ኣስመሮም ወልደትንሳኤ
9.ሮሞዳን ገብረ (ወትሩ ፍሽኽ)
10.ኤልሳ ገብረንጉስ
11.ኪዳን ወልደሚካኤል
12.ፔሪና ኣለግሪ
13.ለተንኪኤል ወዘተን ዝርከብዎም እዮም ነይሮም። ቁጽሪ ደቂ ኣንስትዮ በርኺቱ ተራእየ።መምህር ኣበበ እያሱ ሓገዝቲ ኣባላት ረኺቦም ሮፍታ ተጓናጺፎም እዮም ክንብል ንክእል ኢና።ምኽንያቱ ድማ መምህር ኣበበ እያሱ ኣዋልድ ኣብ ዘይነበራሉ ጊዜ፡ ከም ጓል ኰይኖም ይዋስኡ ብምንባሮም እዩ።

ኣብ ሓጺር መቃን ጊዜ ምምጻእ ማምሃል ተኩነ ዉድድር ደርፊ ሃገር ተኻይዱ እዩ።

14 ደረፍቲ ኣብ መድረኽ ከም ዝተወዳደሩ ዝፍለጥ'ዩ።
ማ.ት.ኣ. ድማ መሰርዓን ጊዚኣን ሓልያ፡ ኣብ 1961 ብወግዒ ተመስሪታ፡እቶም ቀዳሞት መስረትታ ድማ ብዝሖም 18 እዩ ዝነበረ።ንሶም ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም።
"እንታይ'ሞ ኣንታይሞ፡

እንታይሞ እንታይሞ!
እዛ ዓለም እዚኣሞ!!"-ድዮም ዝብሉ ኣበዋት።በሉ ናብ ዝርዝሩ ክብለኩም።

1.ኣለማየሁ ካሕሳይ (ወትሩ ሕጉስ)
2.ተወልደ ኣብርሃ (ማንጁስ)
3.ተስፋልደት ማርቆስ
4.መም ኣበበ እያሱ
5.መም ኣስረስ ተሰማ
6.ጃብር ማሕሙድ
7.ትኳቦ ወልደማርያም
8.ኣብርሃ ገብረመድህን
9.ኣባዲ ኣለሙ
10.ኣተወብርሃን ሰጊድ
11.ተወልደ ረዳ
12.ኣብርሃ ገ/ትንሳኤ
13.ካሕሳይ በዛብህ
14.ህይወት ተድላ (ማርያ)
15.ጸሃይ
16.ኣርኣያ በላይ
17.ገነት ተፈሪ
18.ኢትዮጵያ መድሃኔ
19. ድሒሩ ዝኣተወ ኣስመሮም ወልደትንሳኤ

ቀጺሎም ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት 42 ሰባት ነታ ማሕበር ተጸንቢሮማ እዮም።

እሞ ካብዚ ካብ ባሕሪ ብጭልፋ ብዛዕባ ጋዜጠኛ ተስፋይ ገብረሚካኤል ካብ በልና።

ኣብ ዕቤት እስፖርት ድማ ዘይነዓቕ ተራን ኣበርክቶን ብምግባሩ ካብ ጃንሆይ ከም ዝተሸለመ ዝገልጹ ኣሎዉ እዮም።

ብፍላይ ድማ ነታ ተፈታዊት ዝነበረት መጽሔት "ዓወት ስፖርት" ምጥቓስ ግድን እዩ።ትንታነ ስፖርት ይበል ዘብል ምንባሩ ዓበይቲ ወለዲ ይገልጹ እዮም።

ኣነ እውን ንሓንቲ ካብ መጽሔት "ዓወት ስፖርት" ሳላ ግዱስ ሓው  ኣቢ ኣበበ ረኺበ ኣንቢበያ እየ።

ነታ መፅሔት ምስ ኣንበብኩ ኣመና ኣድኒቀየ እየ።ካብ ትሕዝቶን ኣቀራርባን ድማ ብዙሕ ተማሂረላ እየ።
ካልእ ድማ ጋንታ ሎጓ ጭዋ ኣብ መቐለ ዝገበረቶ ግጥምን ዉድድር ቁንጅናን ኣብ ጋዜጣ ዝጽሕፎ ዝነበረን ጉጅለ ሙዚቃ ኣብ ኢትዮጵያ ዝገብርኦ ዝነበራ ዑደት ኣመልኪቱ ዝጽሕፎ ዝነበረ ጽሑፋት ዕድል ገይረ ኣንቢበዮ እየ።

ስለዚ፡ኣገናዕ ዘብልን ዘይሕለል ጸሓፍን ዕቱብ ሰብ ምንባሩ ክርዳኣ ክኢለ'የ።

እሞ ንሎሚ እዚ ክብል ከሎኹ፡ገለ ክብል ኣሎኒ ካብ ዝብል እምበር ተዳልየን መጽናዕቲ ገይረ ዘቕረብክዎ ዘይምዃኑ ክሕብር ኣፈቱ።

ንጋዜጠኛ ተስፋይ ገብረሚካኤል ትፈልጥዎን ትዝክርዎን ድማ ኢደይ ኢድካ ኢልኩም ከተካፍሉና ብኽብሪ ክዕድም እፈቱ።

ወደሓንኩም!

**ኣብራሃም ብርሃነ**